ብዛዕባ ናይ ሜኒንጃይትስ Meningococcal ሕማማት ሓበሬታ
ካብ 6- 12 ክፍሊ

ዝኸበርኩም ወለዲ/ ሞግዚቶች:

እዛ ደብዳበ ዝሰደናልኩም ቀንዲ ምኽንያት ኣብ ናይ ስያትል ህዝባዊ ቤት ትምህርትታት ካብ 6ይ እስካ 12 ኽፍሊ ዝማሃሩ ተምሃሮት ስለዘልኩም እዩ።ብኣንቀጽ RCW 28A.210.080, መሰረት ብዛዕባ ናይ ሜኒንጃይትስ ወይከኣ ናይ ክሳድ ሕበጥ ሕማማት ኣመጻጽኣን ከምይ ክትከላኸሉ ከምትኽእሉ እቲ ሕብረተሰብ ኣገዳሲ ሓበሬታ ክዋሃቦ ከምዘለዎ እቲ ሕጊ የገድድ እዩ። እዚ ሕማም እስካብ ሞት ዘብጽሕ ብጣዕሚ ሓደገኛ ሕማም ስለዝኾነ እቲ ኣገዳሲ መረዳእታን ሓበሬታን ክትረኽቡ ይግባእ።

ሜኒንጃይትስ ሕማም ዝርከብ ኣብ ናይ ሰብ ጎሮሮን ኣብ ኣፍንጫና ውሽጢ ኣብ ዝፍጠሩ ዝተፈላለዩ ናይ ባክተሪያ ኣይነታት እዩ።ብዙሕ እዋን ዓበይቲ ቆልኡ ብቀላሉ እቲ ሕማም ክታሓዙ ይኽእሉ እዮም። ናይዚ ሕማም ቀንዲ ምልክታት ጉንፋዕ፣ ኣብ ሰውነት ረስኒ፣ ቀሪ ቁሪ ምንቅጥቃጥ፣ ናይ ርእሲ ሕማም፣ኣብ ክሳድ ምሕባጥ ዝኣመሰሉ እዮም።እቲ ሕማም ዝተሓላለፍ እውን እቲ ሕማም ዝሓዞ ሰብ ብምስዓም፣ ክስዕል እንከሎ፣ እቲ ሕማም ዘለዎ ሰብ ዝበለኣሉ ኣቕሓ ገይርካ ምብላእ ወይከኣ ማይ ምስታይ ብቀላሉ እቲ ሕማም ክተሓላለፍ ይኽእል እዩ።

ናይ ዋሽንግተን ስቴት ናይ ጥዕናን ምክልኻል ኽፍሊ ብዛዕባ እዚ ሕማም ዝግባ ሓበሬታ ክህልወኩምን ካብቲ ሕማም ንምክልኻል እቲ ዘድልይ ጥንቃቐ ክትገብሩን እቲ ዘድልይ ናይ ክትባት ዓይነታት ክትወስዱን ይላቦ። ኽትባት ብምውሳድ ካብ 83 ካብ ሚእቲ ካብቲ ሕማም ክትድሕኑ ወይከኣ ከይሕዘኩም ይካኣል እዩ። ብዙሕ እዋን ክትባት ክወስዱ ዝግበር ዕድሚኦም ካብ 11 እስካብ 12 ዘለዉ ህጻውንቲን ከምኡውን 15 ዝዕድሚኦም ተምሃሮት እዩ። እንተኾነ ግና ዝኾነ ካልኦት መንእሰያት እውን ኽትባት ክወስዱ ይኽእሉ እዮም።ቤት ትምህርቲ ንምማህራ ኽትባት ምውሳድ ግዴታ ኣይኮነን እዩ።

ናይ ጥዕና ምክልኻል ኽፍሊ ብዛዕባ እዚ ሕማም ሙሉ ሓበሬታ ክትህልወኩምን ምስ ናይ ደቅኹም ሓካይም ብዛዕባ ዘሎ ኽትባታት ክትዘራረብይ ይላቦ። ብዛዕባ እዚ ሕማም ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ እዞም ዝስዕቡ ናይ ኢንተርኔት ኣድራሻታት ራኣዩ።

- **Public Health Seattle/King County --** (206) 296-4600
  www.metrokc.gov/health/immunization/clinics.htm

- **Washington State Department of Health Immunization Program**
  www.doh.wa.gov/cfh/Immunize/meningococcal.htm

- **Centers for Disease Control and Prevention**
  Vaccine Information: www.cdc.gov/nip/publications/vis/vis-mening.pdf
  Disease Information: www.cdc.gov.ncidod/dbmd/diseaseinfo/meningococcal_g.htm
  Fact Sheets: www.cdc.gov/nip/vaccine/meninig/mening_fs.pdf

ፕሮግራም ማናጀር
ናይ ተምሃሮት ጥዕና ግልጋሎት ኽፍሊ
ስያትል ህዝባዊ ቤት ትምህርትታት

Adopted September 2005